# ክብርታት ኤርትራውያን

ከም ዝፍለጥ ሕዝባዊ መኸተ ኦስሎ ሓደ ኣገዳስን ክቡርን ዝኾነ ኣርእስቲ ኣበጊሱ ብሰሚናራት መልክዕ ንሕዝቢ የቕርብ ኣሎ። እዚ ኣርእስቲ'ዚ ብኽብርታትና ዝብል ኣርእስቲ ይፍለጥ። ተጀሚሩ ኣብ ዝኾነ ግዜ መዕልቦ ዝርከቦ ኣርእስቲ ኣይኮነን። ከመይሲ ክብርታት ሕዝቢ ኤርትራ እዚ ጥራሕ ኢዩ እልካ ትድምድሞ ጉዳይ ስለዘይኮነ። በብግዝኡ እንዳተላዕለ ክዝተየሉን ኣብ ኣእምሮና ክነመላልሶን ይግባእ። ስለዝኾነ ከኣ ሕዝባዊ መኸተ ኦስሎ ነዚ ኣርእስቲ'ዚ ንምዕማቑን ንምስፍሑን ቆላሕታ ሂቡ ንመጻኢ ብዘተ መልክዕ ሰሚናር ንምድላው ኣንቂሉ ኣሎ። እዚ ኣርእስቲ'ዚ ብውልቃዊ ጠቕሜታ ጥራሕ እንተወሰድካዮ'ውን ንሓደ ውልቀሰብ ኣዚዩ ጠቓሚ ኢዩ። ካልእ ሓባራዊ ረብሓታት ከምዘለዎ ንጎኒ ኣቐምጥካ ክብርታትካ ንምልላይ፡ መንነትካ ንምስትምቓር ብውልቃዊ ደረጃ'ውን ትሳተፎ ኣርእስቲ ኢዩ። ስለዚ ኣብቲ ዝዳለው መደብ፣ ብኽፍሊ መንነት ሕዝባዊ መኸተ ዝግለጸሉ እዋን ኩልና ኽንሳተፍን ዘይሰምዑ እንተለዉ'ውን ከምዝሰምዑ ጌርና ብወገና ሐደ ይኹን ክልተ ዓድምና ኣብቲ ኣኼባ ክንስታፍ ይግባእ።

ልዕል ኢሉ ከምዝተገልጸ ክብርታትና ባሕሪ ኢዩ። ኣብ ባሕሪ ንጎዓዝሉ መሳርሒ ከኣ መርከብ ኢዩ። እምብኣር መታን ንክብርታትና መግለጺ ዝኸውን መዳያት ንምፍጣር ዝሕግዝ ዛዕባታት ንምብጋስ እዝኦም ዝስዕቡ ኣርእስታት ከም ሕመረት ክብርታትና ኽጥቀሱ ይከኣል ኢዩ። እቲ ቐንዲ ዛዕባ ግን ኣብቲ ናይ ሓባራዊ ዘተ ኽግለጽ ኢዩ። ክሳብ ሽዑ ግን ንኣእምሮና መወዓዓዪ ዝኸውን እንሆ። እዚ ብወገነይ ዘቕርቦ ዘለኹ ኢዩ። ክሰፍሕን ክዓሙቕን ስለዘለዎ ግን ናይ ኩልና ተስትፎ ይሓትት። ዘለኩም ርእይቶ ከኣ ብኢመይል ክትሰዱለይ ትኽእሉ።

ትብዓት

- ኣብ ውድድር ዕዉት ንምኳን፡ ከምኡ'ውን ሓድሽ ምህዞታት ንምትእትታው ትብዓት የድሊ።
- መጻኢ ንምቁሙዋትን፡ ተበግሶ ንምውሳድን ትብዓት ይሓትት።
- ትብዓት ሓደ ካብ ክብርታት ሕዝቢ ኤርትራ ኢዩ። ከም ምኳኑ መጠን ከኣ ነዚ ንምስፍሑ ብወገንካ ወይ ብወገንኪ እንታይ ትብል?

ግሉጽነት

- ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ምትእምማን ንምፍጣር ግሉጽነት የድሊ።
- ምክብባርን ነንሓድሕድካ ምትሕልላውን ኣብሉም ብወለንታዊ ምእዙዝ ምኳን መርኣያ ግሉጽነት ኢዩ።
- ተሞክሮታት ምልውዋጥ፣ ሓበሬታ እንካን ሃባን ምምዕባል ኣገዳሲ ከም ምኳኑ መጠን ግሉጽነት ደራኺ ኣሰራርሓ ኢዩ።

- ሽግራት ኣብ ዝቀላቐልሉ እዋን ብጽሞና ብምስማዕን ኣቃልቦኻ ብምልኡ ኣብቲ ሽግር ኣድህቦ ብምግባር ፍታሕ ንምንዳይ ምጽዓር።
- ግሉጽነት ማለት ነዚኣ ዓለም ብኽፉት ዓይንኻ ምጥማት ማለት ኢዩ።
- ደረጃ ግሉጽነት ኤርትራዊያን ክሳብ ክንደይ ኢዩ? ርእይቶኻ ወይ ከኣ ርእይቶኺ ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ እንታይ ኢዩ?

ሓልዮት

- ውድድር ንቡሉጽ ፍርያት ኣብ ቁጠባዊ፣ ኣከባቢያዊ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ኩነት ይሙርከስ። ስለዚ ሓልዮት እንተላይ ንኣከባቢ የጠቓልል።
- ኣብ ዓለማዊ ቁጠባ ንምስታፍ ውድድር ክነማዕብል ይግባእ። ውጽኢት ስርሓትና መሰል ውልቀሰባት ዘኽብር ክኸውን ኣለዎ።
- ኣብ መስርሕ ከጋጥም ዝኽእል ብከላ ኣከባቢ ንምንካይ ጻዕርታት ምግባር።
- ቀጻሊ ምዕባለ ንምርግጋጽ ኣዕናዊ ዝኾኑ ባእታታት ኣብ ቁጽጽር ውሽጢ ከምዝኣትዉ ምግባር።
- ጥዑይ ኣካባቢ ጥዑይ ሕብረተሰብ ይፈጥር። ጥዕና ዘለዎ ሕብረተሰብ ከኣ ሕጉስ ሕብረተሰብ ኢዩ።
- ሓልዮት ማለት ለመንቲ ከምዝበዝሑ ጌርካ ተኻቢ ምኻን ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ብኣንጻሩ ለመንቲ ዘይህልውሉ ኩነታት ንምፍጣር ማሕበራዊ ማዕርነት ከምዝህሉ ምግባር ማለት ኢዩ።
- ሕዝቢ ኤርትራ ኣብ ነንሕድሕዱን ንኣካባቢኡን ሓልዮት ኣለዎ ትብል ዶ? እንተኾይኑ ኸ ምብራስ ኣግራብ ብኸመይ ትርእዮ? ንኣብነት ብከላ ኣከባቢ ብዝምልከት ሕዝቢ ኤርትራ ሓልዮት ኣለዎ ትብል ዶ?

ምትሕግጋዝ

- ነቲ ንኽንፍጽሞ ንውጥኖ መደባት ንተግባራዊነቱ ድሉዋት ብምኻን ብሓፈሻኡ ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ ክህሉ ዘለዎ ንጹር መረዳእታ ኣብ ኣእምሮና ክነሰርጽ ይግባእ።
- ቀዳምነታት ንተግባራዊ ስርሓት ብምስራዕ ጉልበትን ፍልጠትን ብዝግባእ ኣብ መዓላ ንምውዓል ክፍፍል ዕዮን መዝን የድሊ።
- ክዕመሙ ዘለዎም ስርሓት ብግዜ ንምፍጻም ምትሕግጋዝ ይሓትት።
- ጽኡይን ዝርዝራዊ ሕንጻጻትን መደባትን ምድላው ቅድመ ኩነት ናይ ውጥን ምዕዋት ኢዩ።
- ስትራተጂ ውድዓውነት ክለብስ ምእንቲ ተግባራዊ ስጉምቲ ምብጋስ ይሓትት። ስትራተጂ ንባዕሉ ውጽኢት ኣይከነን። ተግባራዊነት ምስ ዘስንዮ ጥራሕ ኢዩ ናብ ዓወት ዝሰጋገር።

- ኣብ መንጎ ዝተወጠነ ድልየታትን ዝተፈጸመ ተግባራትን ዘሎ ጋግ በብግዚኡ እንዳተዓቀነ ከም ዝጸብብ ምግባር ሚዛን ኣካይዳ ስርሓት ይሕሉ።

- ብወገንካ ከምቲ ዝድለይ ምትሕግጋዝ ኣብ መንጎ ኤርትራዊያን ኣሎ ትብል ዶ?

እምበኣረከስ እዝኦም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣርእስትታት ነቲ ሓፈሻዊን ዝርዝራዊን ትሕዝቶ ክብርታትና በብግዝኡን ኩነታትን እንዳተላዕሉ ዝዝተየሎም ኣርእስታት ማእዘን ዘትሕዙ ቀጸላታት እዮም። ብዝበለጸ ግን ኣብቲ ዝጽዋዕ ኣኼባ ተሳታፊ ኾንና ፍልጠትና ክነዑምኽ ይምረጽ።

ከምርዱእ ኽፍሊ መንነት ሕዝባዊ መኸተ ኦስሎ ነዚ ዝመጽእ ኣኼባ ዝኸውን እኹል ኣርእስትታት ኣዳልዩ ከምዘሎ። ይኹን እምበር ይኣክል'ዩ ዝበሃለሉ ጉዳይ ስለዘይኮነ እዝኦም ዝስዕቡ ኣርእስታት'ውን ኣብ ግምት ክኣትዉ ይግባእ።

- ጥዕናን ውሕስነትን ኣከባቢ።

- ስነምግባር።

- ሕዝብን ርክብን።

- ምሕደራን ጠንቅታትን።

- ንዋይን ቁጽጽርን።

- ምሕደራ ሓበሬታት።

ዝኣመሳሰሉ ኣርእስታት ንኽብርታትና ንላዕሊ ጠርዚ ከደይብዎ ይኽእሉ። ብኣንጻሩ ከኣ ብዝግባእ ኽነተግብሮም ዘይንኽእል እንተኾይና ከኣ ንታሕቲ ለጠቕ የብልዎ። ስለዝኾነ መረዳእታና ብዝዕባ'ዚ ኣርእስቲ ክዓሙቕ ከምዝግባእ ኣየማትእን።

እዝኤን ዝስዕባ ኣርእስቲ ንኽትርድኤን ቀለልቲ እየን። ይኹን እምበር ክብርታትን ግን ኣዝየን ዕዙዛት እየን። ብፍላይ ንሕዝቢ ኤርትራ መናብርቱ ስለዝኾና ካብ ክትዝትየለን ክትዕቅበን ይኸብዳ። ንሳተን ከኣ፣

- ጽንዓት።

- ሓርነት።

- ትሕትና።

እቲ ዝጽዋዕ ኣኼባ ብኽፍሊ መንነት ሕዝባዊ መኸተ ስለዝኾነ ግዝኡ ሓልዩ ክመጽእ ኢዩ። ኩላህና ነዚ ቅዱስን ክቡርን ኣርእስቲ ድሉዋት ክንከውን ይጥለብ።

ተጻሒፉ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ሕዝባዊ መኸተ ኦስሎ።